ናብ ኣኽሱም ኣሉሙኒያ ኣሰሴሽን

<u>ኣሜሪካ</u>

# ሰናይ መልእኽቲ ኻብ ምም/ር ከተማ ኣኽሱም

በመጀመርታ እንኳዕ ናብ መበል 3ይ ዓመት ምኽባር በዓል ማሕበር ኣሉሙኒያ ኣኽሱምን ከባቢኣን ኣብፅሐኩም ክብል እፈቱ፡፡

ከተማ ኣኽሱምን ከባቢኣን ብኹሉ ኣንፈት ማለት ብሰሜን ኤርትራ ፣ ብምብራቕ ዓድዋን ብምዕራብ ድማ ሽሬ እንዳስላሴ ብደቡብ ኣምሓራ ዝተኸበበት ታሪካዊትን ጥንታዊትን ከተማ እያ፡፡

ኣኽሱም ኣሉሙኒያ ኣሰሴሽን ብግዱሳት ፈተውቲ ዓዲን ኣኽሱምን ከባቢኣን ቕድሚ ክልተ ዓመት ሓባራዊ ናይ ዓዲ ፍቕሪ ብምምስራት ኣብ ከተማ ኣኽሱም 2ይ ብርኪ ቤት ት/ቲ ዓብዪ ላብራቶሪ ህንፃ ንምስራሕ ዕብየት ትምህርቲ ኣኽሱምን ከባቢኣን ንምስላጥ ከምኡ ውን ሕፅረት ህንፃ እቲ ትምህርቲ ቤት ኣብ ምቕላል ዓብዪ ናይ ልምዓት እጃም ኣብ ምብርካት ይርከቡ፡፡

ኣብዚ ዝተገባደደ ክልተ ዓመት ናይቲ ኮሚቴ ኣባላት ናብ እኽሱም መፂኦም እምነ ኩርናዕ ናይቲ ህንፃ ብምቕማጥ፣ እቲ ህንፃ ቐልጢፉ ንክስራሕ ገንዘብ ኣብ ምልኣክ (Invoice Letter) ብእዋኑ ክስደድ ብምግባር እቲ ፕሮጀክት ብኣግባቡ ይስራሕ ከም ዘሎ ብዓይኒ ንምርኣይ ካብ ኣሜሪካ ናብ ኣኽሱም ልኡካት ብምስዳድን ብተወሳኪ ውን ብኢመይል ኮሙኒኬሽንን፣ ስልኪ ብምድዋልን እቲ ፕሮጀክት ኣብቲ ሕዚ በፂሕዎ ዝንሂ ደረጃ ክበፅሕ ዓብዪ ተራ ተፃዊቶም እዮም፡፡

እቲ ሕዚ ዝጣየሽ ሓዱሽ ኮሚቴ ካብቶም ናይ መጀመርያ ተመክሮ ብምውሳድ ናይቶም ቀዳሞት ኣሰር ብምክታል እቲ ላብራቶሪ ህንፃ ክዛዘምን ናይ ቤት ፈተነ፣

ቤት ንባብ፣ ኣይሲቲ (ICT Center) ፣ ኣብ ምምላእ ኣብ ፅሬት ትምህርቲ ዓብዪ ናይ ስራሕን ሓላፍነትን ዘለዎ ምኳኖም ኣሚኖም ፅቡቕ ስራሕ ንክሰርሑን ፅቡቕ ናይ ስራሕ ግዜ ንኽሕናሎምን እምነ፡፡

ንማሕበር ኣሉሙኒያ ኣኽሱምን ከባቢኣን ድማ ደጊመ እንኳዕ ናብ 3ይ ፅምብል በዓል ምኽባር ኣብፀሐኹም እንዳበልኩ ነዚ መዋልዲ ቀዳሞት መዛረብቲ ዳሕረዎት ዝኾነት ዓድኹም ትገብርዎ ዘለኹም ምንቕስቃስ ድማ ብሽም ምም/ርን ህዝቢን ከተማ ኣኽሱምን ከባቢኣን ከመስግን እፈቱ፡፡

# ልምዓት ዓዲ ብወደ ዓዲ

ሓጎስ ገብረዋህድ
HAGOS GEBREWAHD
ከንቲባ
Mayor